## ሰሊጥ

ሰሊጥ ኣብ ኢትዮጵያ ዓንዲ ናይ ሕርሻ ንግዳዊ ዝራእቲ ኾይኑ ካብቶም ሸሞንተ ዓበይቲ ናይ ሕርሻ ዕብየት ሃገርና ሓደ እዩ:: ሃገርና ኣብ ዓለም ራብዓይ መፍየይትን ንወፃኢ ሰደድ ኣብ ምግባር ብካልኣይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ:: መፍረያይነት ምህርቲ ሰሊጥ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ኸይዱ እዩ:: ንወፃኢ ሰደድ ብምግባር ሃገርና ካብ መስከረም 2005 ክሳብ ነሓሰ 2006 ዓ/ም ልዕሊ 600 ሚሊዮን ኣሜሪካ ዶላር ሸርፊ ወፃኢ ተረኺቡ እዩ:: መፍረያይነትን ፅሬትን ምህርቲ ሰሊጥ ኣብ ምምሕያሽ ዓብይ ለውጢ ዋላ እኳ እንተሃለዎ ካብዚ ብዝበለፀ ክስረሓሉን ሃገራዊ ጠቐሜታን ክህልዎ ከምዝእልን ይሕበር::

## ኤስቢኤን

ኤስቢኤን መፍረያይነትን ፅሬትን ምህርቲ ሰሊጥ ንምምሕያሽ ዝተጣየሸ እንትኾውን ኣብ ሰሊጥ ቢዝሰነስ ዝርከቡ ሰበሃፍትን ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላትን ብምትሕብባር ዝተጣየሸ እዩ:: እዚ መርበብ ዘይስሩዕ ኾይኑ መዳርግቲ ኣካላት ብሰናይ ድሌትብ ብምውዳብ ልምዓት ሰሊጥ ኣብ ዓለም ተወዳዳሪይን ቀፃልነትን ንክህልዎ ብምግባር ተጠቃማይነት መዳርግቲ ኣካላት ምዕባይ እዩ::

## መዳርግቲ ኣካላት ኤስቢኤን

ናይ ኤስቢኤን ኣብ ሰንሰለት ሰሊጥ ልምዓት ሰለስተ ዓበይቲ ዋና ክፋላት መዳርግቲ ኣካላት ዝሓቆፈ እዩ:: ንሳቶም እውን:-

- **ተዋሳእቲ ልምዓት ሰሊጥ:-** ኣነኣሽተይ፣ ማኣኸሎትን ዓበይትን ሓረስቶት፣ መሰረታዊ ስራሕ ሕብረት ማሓበራት፣ ዩኒን፣ ነጋዶ፣ መቐናበርቲ፣ ኤክስፖርተራት፣ ምህርቲ ዕዳጋን ደለልትን ወዘተ
- **ሓገዝቲ ልምዓት ሰሊጥ:-** ሰራሕተኛታት፣ ባንክታት፣ ማይክሮፋይናንስ ትካላት፣ ናይ ከባቢ ልቓሕ ወሃብቲ፣ ትራንስፖርትን ኣማኽርትን ወዘተ
- **ኣፈፀምቲ ልምዓት ሰሊጥ:-** ሕርሻ ቢሮ፣ ሕርሻ ምርምር፣ ስራሕ ሕብረት ማሕበር ኤጀንሲ፣ ንግዲ ቢሮ፣ ወረዳ ምምሕዳርን ወዘተ ዝመሳሰሉ እዮም::



## ዋና ስራሕቲ ኤስቢኤን

ኤስቢኤን ብዋናነት ኣብዞም ትሕቲ ኢሎም ተጠቂሶም ዘለው ቦታታትን መዳርግቲ ኣካላት እናሰርሐ ይርከብ::

- 8 ወረዳታታት
- 2 ዞባታተ፣ 2 ክልላት
- ልዕሊ 72 መሰረታዊ ስራሕ ሕብረት ማሕበራት
- 5 ዩኒናት
- ልዕሊ 68,000 ሓረስቶት
- ልዕሊ 2, 000 ዓበይቲ ሓረስቶት
- 540,000 መዓልታዊ ሰራሕተኛ
- 500,000 ናይ ሰሊጥ ተሓራሲ መሬት
- 2 ማእኸል ምርምር ሕርሻ
- 8 ወረዳ ሕርሻ ቤት ፅሕፈት፣ ወረዳ ስራሕ ሕብረት ማሕበር ኤጄንሲ፣ ወረዳ ንግዲ ቤት ፅሕፈት፣ ካልኦት ናይ መንግስቲ ካላትን ናይ ውልቀ ትካላትን፣ ማይክሮፋይናንስን ባንክታትን እናሰርሐ ይርከብ::

### ኤስቢኤን ዝሰርሐሉም ቦታታት

ሃገርና ብበዝሒ ሰሊጥ እተፍርየሉም ቦታታት ኣብ ቆላታት ምዕራብ ትግራይን ሰሜን ጎንደርን እንትኾውን ኤስቢኤን ድጋፍ ፕሮግራም ኣብ ሸሞንተ ወረዳታት እዘን ዞባታት ቓፍታ ሑመራ፣ ፀገዴ፣ ወልቃይት፣ መተማ፣ ጠገዴ፣ ቋራ፣ ታሕታይን ምዕራብን ኣርማጭሆ ኣብ ሕሉፍ ሰለስተ ዓመታት እናሰረሐ ዝፀንሐ እንትኾውን ካልኣይ ምዕራፍ እቲ ፕሮጀክት ተወሰኽቲ ወረዳታት ብምሕቛፍ መፍረያይትን ፀሬትን ምህርቲ ሰሊጥ ንምምሕያሽ ኣብ ምንቅስቃስ ይርከብ::

እዘን ዝተወሰኻ ወረዳታት ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ሕርሻ ዕብየት ፕሮግራም ኾይነን ታሕታይ ኣድያቦ፣ ፀለምቲን ኣስገደ ፅንምብላን እየን:: ብተወሳኺ ኣብ ካልኦት ወረዳታት ኣምሓራ ከም ጃዊ ምብራቕ በለሳን ፃውዒትን ከምዝተገበረሉን ንምስራሕ ጠለብን ተሓሳብነትን ከምዘሎን የማላኽት::

### ኣሰራርሓ

በነፊት-ኤስቢኤን ቀንዲ ልእኽትኡ ብስሩዕ ይኩን ብዘይስሩዕ ዝተጣየሻ ናይ ሰሊጥ ልምዓት መርበብ ምሕጋዝን ምጥንኻርን እንትኾውን ተጠናኪሩ ንኽቅፅል ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ብምትሕብባር እናሰርሐ ይርከብ:: ኤስቢኤን ቅድም ክብል ከምዝተገለፀ ኣብ ውሽጢ ክላስተራት ዝርከቡ መዳርግቲ ኣካላት ብዓርሶም ብዘፍለቕዎ ሓሳብን ርኢቶን ዝካየድ እንትኾውኑ ተሳተፍቲ እቲ ክላስተር ኣሰራርሓን መዋቕርን ብምድላው ምስ ድጋፍ ፕሮግራም ብምትሕብባር ዘለው ፀገማት ብምንፃርን ከምእውን መፍትሕታቶም ብምቅማጥ እናሰርሑ ይርከቡ::

## ዕላማታትን ሽቶታትን ኤስቢኤን

| ዕላማ | ምምሕያሽ ምህርትን መፍረያይነትን ሰሊጥ ኮይኑ ኣብ ሰሊጥ ልምዓት ዝተዋፈሩ ናይ ክላስተር መዳርግቲ ኣካላት ምስ በነፊት ኤስቢኤን ብምትሕብባር ተወዳዳሪይን ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ልምዓት ሰሊጥ ምርግጋፅ እዩ:: | | |
|---|---|---|---|
| ፈላማይ ስራሕቲ | መፍረያይነት መፃእታት ምቕናስ | ምህርትን ዕዳጋ ልምዓትን | ምስ ኣፈፀምቲ ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ኢትዮጵያ ሰሊጥ ልምዓት ምጥንኻር ስራሕ ምችውነት |
| | ዓንዲ 1 | ዓንዲ 2 | ዓንዲ 3 |
| ቀፃልነት ዘለዎም ስራሕቲ | መፍረያይነትን ፅሬትን ምህርቲ ሰሊጥ ምምሕያሽ | ምውሳኽ ትሕዝቶ ክብሪ ድሕረ ምህርቲ | ኣብ ሰሊጥ ልምዓት ሙሉእ ሓበሬታ ብምእካብ ናብ መዳርግቲ ኣካላት ምትሕልላፍ |
| | ምቕናስ ብኽነት ድሕረ ምህርቲ ኣብ ዓፀዱ፣ ትራንስፖርትን መኽዚንን | ምምሕያሽ ርክብ ዕዳጋን መሸጣን | ዓቕሚ መዳርግቲ ኣካላት ምዕባይ |
| | ምምሕያሽ ልቓሕ እታወታት | ምምሕያሽ ናይ ዕዳጋ ልቓሕ | ርክብ መዳርግቲ ኣካላት ምዕባይ |
| ቀፃልነት ዘለዎ ፈጠራን ምርምርን ኣብ ሰሊጥ ልምዓት ምርግጋፅ | | | |

## በነፊት-ኤስቢኤን

ኣብዚ ይ ኤስቢኤንን በነፊት-ኤስቢኤን ፈላሊኻ ምርኣይ ኣድላይ ይኾውን:: መብዛሕትኦም መዳርግቲ ኣካላት ኤስቢኤን እቲ ድጋፍ ፕሮግራም ዝመስሎም እንትኾኑ ኤስቢኤን ማለት ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ሰሊጥ ልምዓት ዝሳተፉን መርበብ ሰሊጥ ልምዓትን እዩ:: ኤስቢኤን ድጋፍ ፕሮግራም እናተበሃለ ሕሉፍ ሰለስተ ዓመት ካብ 2005 ክሳብ 2007 ዓ/ም ዝፅዋዕ ዝነበረ እንትኾውን ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ ድማ በነፊት-ኤስቢኤን ድጋፍ ፕሮግራም እናተበሃለ ይፍለጥ:: እዚ ምስ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት እናተሓባበረ ብምስርሑ ዝፍለጥ ኾይኑ ሽቶታት፣ መተግበሪ ትልሚን ካልኦት ቅድሚኣ ክወሃቦም ዝግብኦም ስራሕቲ ብምሃብ እናሰረሐ ይርከብ::

## ሓገዝቲ በነፊት-ኤስቢኤን

በነፊት-ኤስቢኤን ድጋፈ ፕሮግራም ብኒዘርላንድስ መንግስቲ ዝድገፍ ኾይኑ እቲ ሓገዝ ብኢምባሲ ኒዘርላንስ ኣብ ኢትዮጵያን ዓለም ለኸ ዳሪክተር ስራሕ ሕብረት ማሕበርን ኣቢሉ ይፍነው::

## ዝወሃቡ ግልጋሎት

በነፊት-ኤስቢኤንን ኣብ ሰሊጥ ልምዓት ዝተፈላለዩ ግልጋሎታትን ሞያዊ ድጋፍን ምስ ዝፈተሳለዩ መዳርግቲ ኣካላት ብምኺን መፍረያይነትን ፅሬትን ምህርቲ ሰሊጥ ንምምሕያሽ ኣብ ሰሊጥ ልምዓት ይሕግዝ። እቲ ድጋፍ ፕሮግራም ኣብ ኣርባዕተ ተመጋገብቲ ስራሕቲ ከም (1) ምርምርን ፈጠራ ልምዓትን ምዕባይ (2) ዓቅሚ ምዕባይ (3) ምስፍሕፋሕ ቴክኖሎጂ (4) ርክብ መርበብ ልምዓትን ፖሊሲ ምሕፃፅንን እናሰርሐ ይርከብ።

## ሓይሊ ሰብን ምምሕዳርን

በነፊት-ኤስቢኤን ኣብ ኢንስትዩት ምርምር ሕርሻ ትግራይን ኣምሓራን ብተለይ ማእኸል ምርምር ሕርሻ ሑመራን ጎንደርን ብምትሕብባር ዝሰርሕ እንትኾን ስነ-ዝራእቲ፣ ቁጠበን ዕዳጋን፣ ስርፀት፣ ርክብን ስልጠናን በዓል ሞያ ብኣተሓባበርት፣ ኣቀሳጠፍት፣ ብኣሰልጠንቲ፣ ፋይናንስምን ምምሕዳርን፣ ተሓዚ ገንዘብን ሽፈራትን ብምቑፃር ዋና ቤት ፅሕፈት ሑመራን ጎንደር ብምክፋት እናሰርሐ ይርከብ።




ብተወሳኺ በነፊት-ኤስቢኤን ኣብ ትሕቲ ሲዲኣይ-ዋገንገን ዩንቨርስቲ እንትኾውን ምምሕዳራውን ሞያዊ ድጋፍ ብሓባር ይሰርሑ።

ኣብ 2008 ዓ/ም ኤስቢኤን ድጋፍ ፕሮግራም ምስ ካልኦት ናይ ኒዘርላንድስ ፕሮጀክትታት ብምትሕብባር ክልተኣዊ ኢትዮጵያ ኒዘርላንድስ ዓፅሪ ንምግቢ ውሕስና፣ ትርፋማነትን ንግድን ወይ በነፊት ኤስቢኤን ኢሉ ብምስያም ስራሕ ስምምዕነት ፈጢሩ እዩ። እዞም ፕሮጀክትታት ካስኬፕ፣ ኣይኤስድን ኢንታግን እዮም።

## ምስጋና ወረቐት በነፊት-ኤስቢኤን

ሰራሕተኛታት በነፊት-ኤስቢኤን ብኒዘርላድስ መንግስቲ ኢምባሲ ብምግባር ናይ ምስጋና ወረቐት ተዋሂብዎም እዩ። በነፊት-ኤስቢኤን ምስ ናይ ኢትዮጵያ መዳርርግቲ ኣካላት ስጡም ርክብ ብምምስራት ይሰርሕ። በነፊት-ኤስቢኤን ምስ ኢንስቲዩት ምርምር ሕርሻ ትግራይን ኣምሓራን ብምስራሕ ኣድናቆትን ኣድማዒ ስራሕቲ ሰሪሑ እዩ። ብተወሰኺ በነፊት-ኤስቢኤን ምስ ሲፎርሲ፣ ኤስኤንቪ፣ ኣግሪተርያ፣ ኣይኤስዲሲ፣ ኮመንሰንስን ብምትሕብባር ዕውታት ንጥፈታት እናሰርሓ ብምምፅኡ ነዞም ፕሮጀክታት ምስጋና የቕርብ።



### ንተወሳኺ ሓበሬታ

ኣድራሻ፦ በነፊት ኤስቢኤን
ማእኸል ምርምር ሕርሻ ሑመራ ቀበሌ 01,
ሑመራ ትግራይ, ኢትዮጵያ
መርበብ ሓበሬታ:- www.sbnethiopia.org
ኢሜል: sbnethiopia@gmail.com
ቁፅሪ ስልኪ፡ 0914741376
0914434792



SBN

# በነፊት-ኤስቢኤን ኣብ ስሜን ምዕራብ ኢትዮጵያ